ላትቪያ

# ኣብ እዋን መስርሕ ዶብ ዑቕባ ብዛዕባ ኣቀባብላ ዘለኩም መሰላትን ግዴታታትን



እዚ ሓበሬታ እዚ ንዓኹም እዩ፣ እንተደኣ፡-

- ዓበይቲ እንተኾንኩም (ዕድሜኹም ካብ 18 ዓመት ንላዕሊ)፤
- ኣብ ላቲቪያ ናይ ኣህጉራዊ ዕቑባ (ዑቕባ ወይ ኣሳይለም ተባሂሉ እውን ዝፍለጥ) መመልከቲ ኣእቲኹም ኣለኹም፤ ሕጂ ድማ ሓታቲ ኣህጉራዊ ዕቑባ ኴንኩም ኣለኹም።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ


ኣቀባብላ ማለት እንታይ ማለት እዩ? 3

ኣበይ ክትነብሩ ኢኹም? 6

እንታይ ክትቅበሉ ኢኹም? 7

መሰል ክንክን ጥዕና 8

መሰል ትምህርቲ ንህጻናት 11

ናይ ቋንቋ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን 12

ኣብቲ ትነብሩሉ ዘለኹም ቦታ ካልእ እንታይ መሰላት ኣለኩም? 13

ሓደ ኣመልካቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክመጻሉ ዝኽእል ኩነታት 14

ናይ ኣቀባብላ ግዴታታትኩም እንታይ እዮም? 15

ግዴታታትኩም እንተዘይኣኽቢርኩም እንታይ ይኸውን? 16

ብዘይ ፍቓድ ሰበ-ስልጣን ናብ ካልእ ሃገር EU+ እንተተጓዒዝኩም እንታይ ይኸውን? 17

ኣንጻር ውሳነ ሰበ-ስልጣን ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም 18

ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም 19


ናይ ርክብ ሓበሬታ 20

## ኣቀባብላ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ኣቀባብላ ማለት፡ ሰበ-ስልጣን ነቲ ዘቕረብኩምዎ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ መርሚሮም ክሳብ ዝውድኡ፡ ከም ኣመልከቲ መጠን ዝወሃበኩም ደገፍ እዩ። እዚ ድማ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ተገሊጾም ዘለዉ ናይ ኣቀባብላ መሰላትን ግዴታታትን ዘጠቓልል እዩ።

ኣብ ላቲቪያ፡ ንናይያ፡e of  ምቕባል ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት፡ ናይ ሃገር ዶብ ሓለውትን ከምኡ እውን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤትን እዮም። ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም መርሚሩ ውሳነ ዝህብ በዓል ስልጣን ድማ እቲ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤት እዩ።

ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ሰበ-ስልጣን፡ ነቲ ኣብዚ ብሮሸር ዘሎ ሓበሬታ ከም ዝተቐበልኩም ንምርግጋጽ ክትፍርሙሎም ክሓቱኹም እዮም። ዘይተረድኣኩም ነገር እንተሃሊዩ፡ ብኽብረትኩም ነቶም ናይ ዶብ ሓለውቲ ሰበ-ስልጣን ሕተቱዎም።



**ኣብዛ ሃገር እዚኣ ውሑሳት ኢኹም።**

ኣብ ጻንሒትኩም፡ ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ሰበ-ስልጣን ከከም ኩነታትኩም ዝወሃቡኹም ናይ ቅበላ ኣገልግሎታትን ደገፋትን ክሕብሩኹም እዮም።



ብዘይክፍሊት ካልኦት ትካላት እውን ሓበሬታን ሓገዝን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ዝርዝር ናይዞም ትካላት ኣብ መወዳእታ እዚ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።



ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ምስቶም ሰበ-ስልጣን ብትርድኦ ቋንቋ ንክትረዳዳእ **ተርጓሚ** ክሕግዘካ እዩ። እቲ ተርጓሚ ዝተዛረብካዮ ነገር ንኻልእ ንመን እውን ኣሕሊፉ ኣይህብን (ኣይነግርን) እዩ።

> **እዚ በራሪ ወረቐት እዚ፡ ኣብ እዋን መስርሕ ዶብ ዑቕባ ብዛዕባ ዘለኩም ናይ ኣቀባብላ መሰላትን ግዴታታትን ይገልጽ። ብዛዕባ እቲ ኣብ መስርሕ ዶብ ዑቕባ ዝቐርብ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶን ክትክተልዎም ዝግበኣኩም ሕግታትን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ በራሪ ወረቐታት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።**

**ሕጂ ዘለኻዮ ኣብ ላቲቪያ ኮይኑ፡ እዚኣ ሓንቲ ካብ ሃገራት EU+ (ሕብረት ኤውሮጳን መሻርኽታን) እያ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፡ ኣውስትርያ፡ ቤልጅየም፡ ቡልጋርያ፡ ክሮኤሽያ፡ ቆጵሮስ፡ ቸክያ፡ ዴንማርክ፡ ኢስቶንያ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ግሪኽ፡ ሃንጋሪ፡ ኢጣልያ፡ ላቲቭያ፡ ሊትዋንያ፡ ሉክሰምበርግ፡ ማልታ፡ ሆላንድ፡ ፖላንድ፡ ፖርቱጋል፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ሮማንያ፡ ስሎቫክያ፡ ስሎቭንያ፡ ስጳኛ፡ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይ፡ ስዊዘርላንድ።

## ቁላሕታ!

ኣመልክቲ ኣብ ኩለን ሃገራት EU+ ተመሳሳሊ ናይ ኣቀባብላ መሰላትን ግዴታታትን ኣለዎም።

ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕቶ ምቕራብን ናብ ካልኦት ሃገራት EU+ ምጉዓዝን ዝምልከቱ ሕግታት ኣለዉ።

**ኣብታ መጀመርታ ዝኣተኹምላ ሃገር EU+ ናይ ዑቕባ ሕቶ ከተቕርቡን ከተመዝግቡን ኣለኩም፡** ሰበ-ስልጣን ብካልእ መገዲ እንተዘይነጊሮምኹም እምበር።

**ነቲ ዘቕረብኩምዎ ናይ ዑቕባ ሕቶ ናይ ምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሓንቲ ሃገር EU+ ጥራይ እያ።** ኣብ ላቲቪያ ዘለዉ ሰበ-ስልጣን፡ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር EU+ ንምውሳን ዘድሊ መስርሕታት ክኸተሉ እዮም።

**ኣብ ውሽጢ ላትቭያ ክትጸንሑ ኣለኩም። ብዘይ ፍቓድ ሰበ-ስልጣን ናብ ካልእ ሃገር EU+ ክትጉዓዙ ኣይትኽእሉን ኢኹም።** እንተደኣ ወጺእኩም፡ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክህልዎ እዩ። ኣብ ላትቭያ ዝካየድ ዘሎ ናይ ዑቕባ መስርሕ ደው ክብል እዩ፡ ሕቶኹም ድማ ከም ዝተሰሓበ ወይ ከም ዝተነጽገ ክውሰድ እዩ። ኣብታ ካልእ ሃገር ዘለኩም ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት ክድረት ይኽእል እዩ፡ ወይ ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም፡ ገለ ናይ ኣቀባብላ ኣገልግሎታት እውን ክቋረጹ እዮም።

## ኣበይ ክትነብሩ ኢኹም?

ሰበ-ስልጣን እቲ ዘቕረብኩምዎ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ኣብ ትሕቲ መስርሕ ዶብ ዑቕባ ክምርመር ወሲኖም ኣለዉ።

ኣብ እዋን መስርሕ ዶብ ዑቕባ **ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ክትነብሩ ኣለኩም።**

**ናይቲ ቦታ ሕግታት ክትክተሉ ኣለኩም፡ ኣብቲ ቦታ ዘለኩም ህላወ ድማ ብቐጻልነት ብስሩዕ ይከታተልዎ እዮም።**

ሰበ-ስልጣን ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ንክትነብሩ ዝተመሓላለፈ ውሳነ ብጽሑፍን ብእትርድእዎ ቋንቋን ክሕብሩኹም ኣለዎም። ብዛዕባ መሰላትኩም፡ ግዴታታትኩምን ነቲ ውሳነ እንተዘይኣኽቢርኩም ዝስዕብ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ክሕብሩኹም ኣለዎም።





ኣብቲ ዝተወሰነ ቦታ ንክትነብሩ ዝተዋህበ ውሳነ ይግባይ ክትብሉሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ፍሉይ ኩነታት፡ ንሰበ-ስልጣን ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ንውሱን እዋን ኣብ ካልእ ቦታ ክትጸንሑ ትኽእሉ እንተኺንኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሰበ-ስልጣን ነቲ ዘቕረብኩምዎ ሕቶ ክቕበልዎ ወይ ክነጽግዎ ይኽእሉ እዮም። ሕቶኹም ተነጺጉ እንተደኣ ኰይኑ፡ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብሉሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## እንታይ ክትቀበሉ ኢኹም?

ሰበ-ስልጣን ነቲ ዘቕረብኩምዎ ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ሕቶ ክሳብ ዝምርምሩ፡ ከምኡ’ውን ከከም ውልቃዊን ፋይናንሳዊን ኩነታትኩም፡ እዞም ዝስዕቡ ክትቀበሉ ኢኹም፡-



- መንበሪ ወይ መጽንሒ ቦታ



- ናይ ውልቂ ጽሬት መሐለዊ ቀረባት



- መግቢ



- ክዳውንቲ



- ናይ መዓልታዊ ወጻኢታት ዝኸውን ገንዘብ

እቶም ሰበ-ስልጣን ንውልቃውን ፋይናንሳውን ኩነታትካ ብዝበለጸ ን ምርዳእ ሕቶታት ክሓቱኹም እዮም።

## መሰል ከንከን ጥዕና

ሰበ-ስልጣን እቲ ዘድሊ ናይ ጥዕና ከንከን **ከም እትረኽቡ ከረጋግጹ እዮም**። እዚ ድማ ንኣብነት፡ ናብ ነርስ ወይ ሓኪም ምብጻሕ፡ ንኸበድቲ ሕማማትን ንነዊሕ እዋን ዝጸንሑ ሕዱር ሕማማትን ዝግበር ምርመራ፡ ብሓኪም ዝተኣዘዘ መድሃኒትን ናይ ኣእምሮ ጥዕና ደገፍን ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል።



**ሕክምናዊ ጸገም እንተሃልዩኩም፡ ንሰራሕተኛታት ንገሩዎም።**

ህጹጽ ሕክምና ዘድልዮ ናይ ጥዕና ሓደጋ ወይ መጉዳእቲ እንተጋጢሙኩም፡ ንሰራሕተኛታት ንገሩዎም ወይ ድማ ብነጻ ናብ ናይ ህጹጽ ሓደጋ ቴሌፎን ቁጽሪ 112 ደውሉ።



ብሓኪም ወይ ብነርስ ናይ ጥዕና ምርመራ ክግበረልኩም እዩ። ንሳቶም ኩነታት ጥዕናኹም ብምግማም ሓገዝ ክህቡኹም እዮም። ብዛዕባ ናይ ሕጂ ወይ ናይ ሕሉፍ ሕክምናዊ ኹነታትኩም፡ ናይ ክታበት ታሪኽኩምን እትወስድዎም ዘለኹም መድሃኒታትን ሕቶታት ክሓቱኹም እዮም። ከምኡ እውን ብዛዕባ ዘጋጠመኩም መጉዳእቲ፡ ቃንዛ፡ ሕክምናዊ ኹነታት ወይ ዘሻቕለኩም ነገራት ክሓቱኹም እዮም።

ኣብ ላቲቪያ፡ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ምስ ተመዝገበን ኣብ መዕረፊ ቦታ ምስ ተቐመጥኩምን፡ ግዴታዊ ዝኾነ ናይ ዓባይ ሰዓል (ቱበርክሎሲስ) መርመራ ክግበረልኩም እዩ።

## ፍሉይ ድሌት እንተሃልዩኩም፡ ፍሉይ ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም።







**ነዞም ዝስዕቡ ኩነታት ንሰራሕተኛታት ንገሩዎም፡-**

- ሕሙማት እንተኾንኩም ወይ እንተተጐዲእኩም፤
- ጥኑሳት እንተኾንኩም ወይ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም ኢልኩም እንተደኣ ሓሲብኩም፤
- ፍሉይ ደገፍ ዘድልዮም ናይ ስድራቤት ኣባላት እንተሃልዮምኹም፤
- ናይ ኣካል ጉድኣት እንተሃልዩኩም (ንኣብነት፡ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም፡ ናይ ምስማዕ ጸገም፡ ናይ ምርኣይ ጸገም) ፤
- ወትሩ ጭንቀት፡ ሽግር ወይ ሃወኽ ዝስምዓኩም እንተኾይኑ፡ ክትድቅሱ እንተዘይክኢልኩም፡ ወይ ድማ ኣሉታዊ ሓሳባት እንተመጻኩም፤
- ብሰንኪ ሕሉፍ ግፍዒ ወይ ስቅያት ትሳቐዩ እንተሃሊኹም፤
- ጸጥታ ከም ዘይብልኩም ዝስምዓኩም እንተኾይኑ፡ ስግኣት እንተሃልዩኩም፡ ወይ ድማ ንሓ፤ ዘይትፈልጥዎ ሰብ ወይ እትፈልጥዎ ሰብ ትፈርሑ እንተኾንኩም፤
- ክትገብርዎ ዘይትደልዩ ነገራት ክትገብሩ ተገዲድኩም እንተኾንኩም ወይ ትገደዱ እንተሃሊኹም፤
- ብሰንኪ እምነትኩም፡ ብሰንኪ እትፈቅርዎ ሰብ፡ ብኣከዳድናኹም ወይ ብባህርይኹም ጸጥታ ከም ዘይብልኩም ዝስምዓኩም እንተኾይኑ

ፍሉይ ደገፍ ከወሃበኩም ዝኽእል፡ እቶም ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ወይ ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤት ሰበ-ስልጣን ብዛዕባቲ ዘለኩም ፍሉይ ድሌታት ምስ ዝፈልጡ ጥራይ እዩ።





ናይ ሃገር ዶብ ሓለውትን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤትን ሰበ-ስልጣን፡ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ንምፍላጥ ሕቶታት ክሓቱኹም እዮም፡-

- ንዘለኩም **ፍሉይ ድሌታት** ንመምዘን፤
- ንዓኹም ዝበለጸ **እንታይ ዓይነት ፍሉይ ደገፍ** ከም ዘድልየኩም ንምልላይ።

እዚ ድማ **ገምጋም ፍሉይ ድሌታት**ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ ብእትርድእዎ ቋንቋ ንክትዘራረቡ ኣተርጓሚ ክሕግዘኩም እዩ።



**ፍሉይ ደገፍ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኩሉ ግዘ ምስ ሰራሕተኛታት ናይ ሃገር ዶብ ሓለውትን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤት ተራኸቡ።**

እቶም ሰበ-ስልጣን ኣድላዪ እዩ ኢሎም ክሳብ ዝኣመኑሉ እዋን ነዚ ደገፍ እዚ ክትረኽቡ ኢኹም።

ንሓካይም፡ ነርሰታት፡ ከምኡ እውን ንናይ ሃገር ዶብ ሓለውትን ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤት ሰበ-ስልጣንን ክትኣምኑዎም ትኽእሉ ኢኹም፤ ብዘይ ዝኾነ ፍርሒ ድማ ክትዛረቡዎም ትኽእሉ ኢኹም። ኩሉ ሓበሬታ ምስጢራዊነቱ ዝተሓለወ ክኸውን እዩ፣ እዚ ማለት ድማ ብዘይ ምስምማዕኩም ንካልኦት ኣይክመሓላለፍን እዩ።

እቲ እንኮ ፍሉይ ኩነታት፡ ህይወትኩም ወይ ህይወት ካልእ ሰብ ኣብ ሓደጋ ምስ ዝወድቀሉ ጥራይ እዩ።

## መሰል ትምህርቲ ንህጻናት

ኩሎም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ (ኣወዳትን ኣዋልድን) ናይ ትምህርቲ መሰል ኣለዎም። ንሳቶም፡ ንኣብነት ነታ ናይታ ሃገር ቋንቋ ኣብ ምምሃር ደገፍ ክወሃቦም እዩ።



ኣብ ላቲቪያ፡ ሓተትቲ ዑቕባ ካብ 5 ዓመት ጀሚሮም ናይ ቅድመ-ሕጻናት ትምህርቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም፤ ከምኡ እውን ናይ መባእታ ትምህርቲ (ክሳብ 18 ዓመት) ናይ ናይ ካልኣይ ብርኪ ትምህርቲ ናይ ምርካብ ዕድል ኣለዎም።

**ወለዲ፡ ምስቲ ናይ ትምህርቲ ትካል ብምትሕብባር ሓዊስካ፡ ናይ ውሉዶም ትምህርቲ የማልኡ ናይ ምግባር ግዴታ ኣለዎም።**

## ናይ ቋንቋ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን

ከከም ኩነታትኩም፡ ሰበ-ስልጣን ኣብዞም ዝስዕቡ ንክትሳተፉ ክሓትኹም ይኽእሉ እዮም፡-

- ናይ ቋንቋ ትምህርቲታት፤
- ብዛዕባ እታ እትነብሩላ ዘለኹም ሕብረተሰብ ዝምልከቱ ትምህርቲታት (ሕግታት፡ ስርዓታትን ባህልን)፤
- ሓደስቲ ክእለታት ንምልማድ ዝወሃቡ ትምህርቲታት (ሞያዊ ስልጠና)።



ሰራሕተኛታት ብዛዕባ እዞም ትምህርቲታት እዚኦምን መዓስ ክትጅምሩዎም ከም እትኽእሉን ክሕብሩኹም እዮም።

***ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ትሕቲ ናይ ዶብ መስርሕ ክምርመር ከሎ፡ ክትሰርሑ ኣይፍቀደልኩምን እዩ።***

## ኣብቲ ትነብሩሉ ዘለኹም ቦታ ካልእ እንታይ መሰላት ኣለኩም?



- **ውሑስ ምኳን፦** ሰራሕተኛታት ሓዊስካ፡ ዝኾነ ሰብ ክፈራርሓኩም፡ ክጸርፈኩም ወይ ክሃስየኩም ኣይፍቀዶን እዩ።



- **ምስ በዓልቲ ቤትኩም/በዓል ቤትኩም፡ ደቅኹምን ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ኣሕዋትኩምን፡ ወይ ድማ መዓልታዊ ክንክን ምስ ዘድልዮ ዓቢይ ዘመድኩም ብሓባር ንክትነብሩ።**
- **ምስ ዘመድኩም ንክትነብሩ፡** መዓልታዊ ክንክን ዘድልየኩም ዓቢ ሰብ እንተ ኼንኩም።



- ምስ ስድራቤትኩም **ንክትዘራረቡ** ደገፍ ንምርካብ፡ ከምኡ'ውን **ኣበይ ከም ዘለዉ እንተዘይፈሊጥኩም፡ ንዓታቶም ንምድላይ ደገፍ ንምርካብ።**

**ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ዝኣመንኩምሉ እንተ ኼንኩም፡ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፦**



- ዝኾነ ሰራሕተኛ እንተፈራሪሑኩም፡ እንተጸሪፉኩም ወይ እንተሃስዩኩም ዓመጽ እንተፈጺሙላኩም፤
- ብሰንኪ ናይ ሓደ በዓል ስልጣን ተግባር ወይ ድማ ስጉምቲ ዘይምውሳድ ጉድኣት እንተበጺሑኩም፤
- መሰረታዊ መሰላትኩምን ድሌታትኩምን እንተዘይተማሊኡልኩም።

እቶም ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ሰበ-ስልጣን ብኸመይ ወግዓዊ ጥርዓን ከም እተቕርቡ ክሕብሩኹም እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ወትሩ ንሰበ-ስልጣን፡ ንመንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላት (NGOs) ወይ ንናይ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል ስደተኛታት (UNHCR) ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ቑላሕታ!** ኣብዚ ፍሉይ ቦታ ንክትነብሩ ዝተዋህበ ውሳነን ዝተነብሩ ገደባትን እንተዘይኣኽቢርኩም፡ ከምኡ እውን ዳግማይ ክትሃድሙ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል ስግኣት እንተሃልዩ፡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሓደ አመልካቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክመጾሉ ዝኽእል ኩነታት

ምእሳር ማለት ብናጽነት ክትወጽእ ኣብ ዘይትኽእለሉ ፍሉይ መሳለጥያ ክትቕመጥ ከለኻ ማለት እዩ። እቶም ሰበስልጣን ንኽኣስሩኻ ብቑዕ ምኽንያት ክህልዎም ኣለዎ። ኣብ ጉዳይካ ድማ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይከኣል ርግጸኛታት ክኾኑ ኣለዎም። እቶም ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ሰበ-ስልጣን ውሳነ ቅድሚ ምሃቦም ንውልቃዊ ኩነታትኩም ኣብ ግምት ክእትዉ እዮም።



ምኽንያታት ማእሰርቲ ንኣብነት ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡

- ኣገደስቲ መዳያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ (ንኣብነት መንነትካ) ብዘይ ምእሳር ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ።
- ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ ናይ ምንባር ግዴታኹም እንተዘይኣኽቢርኩም፡ ዳግማይ ክትሃድሙ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል ስግኣት እንተሃልዩ፡ ከምኡ እውን ሰበ-ስልጣን ክረኽቡኹም እንተዘይክኢሎም
- ናብታ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ንምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሕብረት ኤውሮጳ + ሃገር ክትሰጋገር ውሳነ ተቐቢልካ ኢኻ፣ ቅድሚ እቲ ምስግጋር ድማ ክትሃድም እትኽእለሉ ሓደጋ ኣሎ።
- ናይ ጸጥታ ሓደጋ ትፈጥር ኢኻ።

ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንተኣቲኹም፡ ነቲ ውሳነ ይግባይ ክትብሉሉ ትኽእሉ ኢኹም። ብነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን ክወሃበኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ኣቀባብላ ግዴታታትኩም እንታይ እዮም?





**ኣብ ታሕቲ ገለ ካብቶም ክተኽብርዎም ዝግበኣኩም ግዴታታት ተዘርዚሮም ኣለዉ።**

- ✅ ናይዛ ሃገር ሕግታት ኣኽብሩ።
- ✅ ኣብ ውሽጢ ላትቭያ ክትጸንሑ ኣለኩም፡ ብዘይ ፍቓድ ሰበ-ስልጣን ድማ ናብ ካልእ ሃገር EU+ ሃገር ኣይትጓዓዙ።
- ❌ ነቲ ሰበ-ስልጣን ክትነብሩሉ ዝነገሩኹም ፍሉይ ቦታ ብዘይ ፍቓድ ኣይትውፅኡ።
- ✅ ምስቶም ሰበ-ስልጣን ምሉእ ብምሉእ ተሓባበሩ፡ መምርሒታቶም እውን ስዓቡ።
- ✅ ናይቲ እትቕመጡሉ ዘለኹም ቦታ ሕግታት ኣኽብሩ።
- ✅ ንኻልኦት ተቐማጦ፡ ሰበ-ስልጣንን ካልኦት ውልቀሰባትን ብኣኽብሮት ሓዙ።
- ✅ ሰበ-ስልጣን ወትሩ ክረኽቡኹም ምእንቲ፣ ንናይ ሃገር ዶብ ሓለውትን ንናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ጽሕፈት ቤትን ናይ መራኸቢ ሓበሬታኹም (ቁጽሪ ቴሌፎን፡ ኢመይል) ሃብዎም።

## ግዴታታትኩም እንተዘይኣኽቢርኩም እንታይ ይኸውን?

ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ንኹነታትኩም ብምግምጋም፡ ገለ ዓይነታት ደገፍ ክንክዩ ወይ ክስርዙ ይኽእሉ እዮም። ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ብዛዕባ ከምዚ ዝበለ ውሳነ ብጽሑፍ ክፍልጡኹም እዮም፤ ኣየናይ ደገፍ ከም ዝንክዩ ወይ ከም ዝስርዙ ድማ ክነጽሩልኩም እዮም።




### ቌላሕታ!

**ትሑት ደገፍ ክወሃበኩም ይኽእል እዩ፡** ንኣብነት እንተደኣ፦

- ነቲ ሰበ-ስልጣን ክትጸንሑሉ ዝነገሩኹም ፍሉይ ቦታ ብዘይ ፍቓድ ገዲፍኩም ወጺእኩም
- ምስ ሰበ-ስልጣን ዘይተሓባበርኩም ኴንኩም
- ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ዓቕሚኹም ሓሶት ተዛሪብኩም
- ናይቲ ትነብሩሉ ዘለኹም ቦታ ሕግታት ጥሒስኩም
- ብዘይ ፍቓድ ካብዛ ሃገር ወጺእኩም እሞ ንድሕሪት ናብዛ ሃገር እንተተመሊስኩም።

**ዓመጽ ዝመልአ ተግባር እንተፈጺምኩም፡** ንካልኦት እንተፈራሪሕኩም፡ ወይ ድማ ናይቲ ትነብሩሉ ዘለኹም ቦታ ሕግታት ብተደጋጋሚ ወይ ብኸቢድ ኩነታት እንተጥሒስኩም፡ እቲ ዝወሃበኩም ዘሎ ደገፍ ክትስእኑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ፖሊስ ኢድ ንከእትዉ ክጽውዑ ይኽእሉ እዮም።



**ቈላሕታ!** ኣብቲ ፍሉይ ቦታ ናይ ምንባር ግዴታኹምን ዝተነብሩ ገደባትን እንተዘይኣኽቢርኩም፡ ከምኡ’ውን ሰበ-ስልጣን ዳግማይ ክትሃድሙ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል ስግኣት እንተሃልዩዎም፡-

- ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክትኣትዉ ትኽእሉ ኢኹም
- ናይ ዑቕባ መስርሕኩም ደው ክብል እዩ፡ ሕቶኹም ድማ ከም ዝተሰሓበ ወይ ከም ዝተነጽገ ክውሰድ እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘለኩም ኩነታትን ኩሉ ምስኡ ዝተኣሳሰር መሰላትን ክትስእኑ ትኽእሉ ኢኹም ማለት እዩ።

## ብዘይ ፍቓድ ሰበ-ስልጣን ናብ ካልእ ሃገር EU+ እንተተጓዒዝኩም እንታይ ይኸውን?




**ኣብ ላትቪያ፡-**

- ናይ ዑቕባ መስርሕኩም ደው ክብል እዩ፡ ሕቶኹም ድማ ከም ዝተሰሓበ ወይ ከም ዝተነጽገ ክውሰድ እዩ።

**ኣብታ ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዓዝኩምላ ሃገር EU+፡-**

- ሰበ-ስልጣን ናብታ ብዘይ ፍቓድ ዝገደፍኩምዋ ሃገር ክመልሱኹም ክውስኑ ይኽእሉ እዮም

ሰበ-ስልጣን ናብታ ዝነበርኩምላ ሃገር ንክመልሱኹም ውሳነ ካብ ዝሓበሩኹምሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ገለ መሰላት ኣይክህልዉኩምን እዮም፡ ንኣብነት፡-

- ብዙሓት **ኣገልግሎታትን ዓይነታት ደገፍን ኣይክትረኽቡን ኢኹም**
- ንክትሰርሑ **ኣይክፍቀደልኩምን እዩ**
- ኣብ ናይ ቋንቋ ትምህርቲታት ወይ ሓደስቲ ክእለታት ንምልማድ ዝወሃቡ ትምህርቲታት ንክትሳተፉ **ኣይክፍቀደልኩምን እዩ።**

## ኣንጻር ውሳነ ሰበ-ስልጣን ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም



ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን ዘለኩም መሰላት ክግድቡ እንተ ወሲኖም እሞ እዚ ድማ ዘይፍትሓዊ ኮይኑ እንተተሰሚዑኩም፡ ነቲ ውሳነ ብምቅዋም ይግባይ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

እንተደኣ ሰበ-ስልጣን ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ ነዞም ዝስዕቡ ውሳነታት ኣመሓላሊፎም ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ፡-

- ንዝወሃበኩም ናይ ኣቀባብላ ደገፍ ንምንካይ ወይ ንምስራዝ፤
- ኣብ ሓደ ፍሉይ ዝተወሰነ ቦታ ንውሱን ግዜ ንክትወጹ ዘቕረብኩምዎ ሕቶ እንተዘይተቐቢሎምዎ፤
- ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቦታ ክትጸንሑ እንተ ወሲኖም፤
- ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንክትኣትዉ እንተወሲኖም ።

ብዘይ ፍቓድ ሰበ-ስልጣን ናብ ካልእ ሃገር EU+ እንተተጓዒዝኩም እሞ ኣብኡ ገለ ናይ ኣቀባብላ መሰላት እንተስኢንኩም፡ ነቲ ውሳነ ኣብታ ሃገር እቲኣ ይግባይ ክትብሉሉ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ሃገር ዶብ ሓለውቲ ኣብ ላቲቪያ፡ ኣብ ገጽ 16 ብዝተገልጹ ምኽንያታት መሰረት ዝወሃበኩም ናይ ቅበላ ደገፍ ክንክዩዎ ወይ ክስርዙዎ እንተ ወሲኖም፡ ዝተወሰኑ መሰላት ክህልዉኩም እዮም። ንኣብነት፡ ብሓኪም ወይ ብነርስ ናይ ምርኣይ፡ ሕክምናዊ ክንክን ናይ ምርካብ፡ ከምኡ እውን ብሰበ-ስልጣን ብዝውሰነ መሰረት ከም መግቢ፡ ናይ ጽሬት መሳለጥያታትን መንበሪ ቦታን ዝኣመሰሉ ፍሉያት ዓይነታት ደገፍ ናይ ምርካብ መሰል ክህልወኩም እዩ።

ዓይነት እቲ ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትኩምን ድሌታትኩምን ዝተመርኰሰ ክኸውን እዩ።

እቶም ብዘይ ፍቓድ ዝተጓዓዝኩምሎም ሰበ-ስልጣን ሃገር EU+ ንዝወሃበኩም ናይ ኣቀባብላ ደገፍ ንምስራዝ ምስ ዝውስኑ፡ እቲ ገና እትረኽብዎ ዓይነት ደገፍ ኣብ ውልቃዊ ኩነታትኩምን ድሌታትኩምን ዝተመርኰሰ ክኸውን እዩ።

## ሕጋዊ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም



ነቲ ሰበ-ስልጣን ናይ ቅበላ መሰላትኩም ንምግዳብ ዘሕለፍዎ ውሳነ ኣብ ቤት ፍርዲ ብምቅዋም ይግባይ ክትሓቱ እንተደሊኹም፡ ከከም ኩነታትኩም ብነጻ ናይ ሕጊ ሓገዝን ውክልናን ክወሃበኩም ይኽእል እዩ።

እዚ ማለት ድማ ሕጋዊ መማኸርቲ ወይ ጠበቓ ክሕግዘኩም እዩ ማለት እዩ። ሕጋዊ መማኸርቲ ወይ ጠበቓታት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ሕጋዊ ሓገዝ ይህቡኹም፡ ረብሓኹም ይጣበቁ፡ ከምኡ እውን ካብ ሰበ-ስልጣንን ዳኛን ናጻ እዮም።

ብናይ ባዕልኩም ወጻኢ እውን ምስ ሕጋዊ መማኸርቲ ወይ ጠበቓ ክትማኸሩ ትኽእሉ ኢኹም።




ሰበ-ስልጣን ሃገራዊ ሓለዋ ዶብ ብኸመይ ይግባይ ከም እትብሉ ክሕብሩኹም እዮም።

ኩሉ ግዜ ንሰበስልጣን፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት ወይ UNHCR ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ እንተላይ ብዛዕባ ዘሎ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝን ውክልናን።

# ናይ ርክብ ሓበሬታ

ኣብቲ ትነብሩሉ ዘለኹም እዋን ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩኩም ወይ ደገፍ እንተደሊኹም፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ከተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-

| ናይ መቐበሊ ማእከላት | |
|---|---|
| | **ሃገራዊ ሓለውቲ ዶብ**<br>ኣድራሻ: Rūdolfa iela 5, Riga<br>ቴሌፎን: +371 67913300<br>ኢመይል: pasts@rs.gov.lv<br>https://www.rs.gov.lv/<br><br>**ናይ ዜግነትን ስደትን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት**<br>ኣድራሻ: Čiekurkalna 1. līnija 1, k-3, Riga<br>ቴሌፎን: +371 67209400<br>ኢመይል: pasts@pmlp.gov.lv<br>https://www.pmlp.gov.lv/ |

ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንምርካብ እውን ነዞም ትካላት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡-

| ሕክምናዊ ደገፍ | |
|---|---|
|  | **ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና**<br>ኣድራሻ: Cēsu iela 31 k-3, entrance 6, Riga<br>ቴሌፎን: +371 80001234<br>ኢመይል: nvd@vmnvd.gov.lv<br>https://www.vmnvd.gov.lv |

## ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ደገፍ



**ዝተዋሃሃደ ነጻ ናይ ቅልውላው ህጹጽ መስመር፦ 116 123**
ንዓበይቲ ሰባት ስነ-ኣእምሮኣዊ-ስምዒታዊ ሓገዝ ንምሃብ፣ ከምኡ እውን ምስ ናይ ስነ-ኣእምሮ ክኢላ ዝግበር ናይ ነጻ ምኽሪ ክፍለ ግዜታት ንምምዝጋብ ዕድል ንምሃብ ዝተዳለወ እዩ። እቲ ሓገዝ ብላቲቪያኛ፣ እንግሊዘኛን ሩስያኛን ዝወሃብ እዩ።
ተለፎን፦ 116 123

## ሕጋዊ ምኽሪ፡ ሓገዝን ውክልናን



ምምሕዳር ቤት ፍርዲ
ኣድራሻ: Antonijas iela 6, Riga
ቴሌፎን: +371 67063800
ኢመይል: pasts@ta.gov.lv
https://www.ta.gov.lv/

| | |
|---|---|
| **UNHCR (UN ኤጀንሲ ስደተኛታት)** | ኣድራሻ: Antonijas iela 9, Riga<br>ቴሌፎን፦ +46 10 101 28 00<br>ኢመይል: swest@unhcr.org<br>https://www.unhcr.org/ |
| **ፋውንዴሽን ውህደት ሕብረተሰብ ናይ ኣገልግሎት ማእከል** | ናይ ዓማዊል ናይ ኣገልግሎት ማእከል ኣድራሻታት:<br>Raiņa bulvāris 15, Riga, ቴሌፎን፦ +371 26959706<br>Rožu iela 6, Liepāja, ቴሌፎን፦ +371 22811020<br>Ģimnāzijas iela 11, Daugavpils, ቴሌፎን፦ +371 29557630<br>https://livelatvia.lv/ |
| **ማእከል ሰብኣዊ መሰላት ላቲቪያ** | ኣድራሻ: Alberta iela 13, Riga<br>ቴሌፎን፦ +371 67039290<br>ኢመይል: office@humanrights.org.lv<br>https://cilvektiesibas.org.lv/ |

ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙኩም ወይ ኣብ ሓደጋ እንተ ኾይንኩም፡ በዚ ቁጽሪ ብነጻ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፦

**ህጹጽ ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ፖሊስን፦ 112**

# ናተይ መዘኻኸሪታት

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ሕብረት ኤውሮጳ ንዑቕባ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ዝወሃቦም ንኣባል ሃገራት ኤውሮጳ ጥራይ እዩ። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቕበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025